# እንኳዕ ንመበል 35 ዓመት በዓል ዓወት ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ለካቲት 11 ብሰላም ኣብፀሓኩም ኣብፃሐና

ቅድሚ ኹሉ ንኹሉኹም ደቂ ትግራይ ሚላኖን ከባቢኡን ብፍላይ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብሓፈሻ እንኳዕ ንመበል 35 ዓመት በዓል ዓወት ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ለካቲት 11 ብሰላም ኣብፀሓኩም ኣብፃሐና፡፡

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተዳዕነኑዎ ፀላእቱ ካብ ስር መሰረቶም ንምምሓው መሪር ቃልሲ ኣካይዱ ኣብ ዓወት በጺሑ፡፡ ምስ ገዛእቲ ደርቢታት ዝገበሮ ተጋድሎ ተዓዊቱ መበል 35 ዓመት ብረታዊ ቓልሲ ንምኽባር ይሽባሸብ ኣሎ፡፡ ኣብ ህዝብና ዝነበረ ኣርዑት ጭቆናን መግዛእትን ተቐቢሩ ኣብ ሃገርና ሰላምን ዲሞክራስን ክነስተማቕር በጺሕና፡፡ እቲ መሰረትን ቀንድን ፀላኢ ዝኾነ ዘይፍትሓዊ ምሕደራ በቲኹ ናብቲ ብሰንኪ እዚ ዝመፀ ካልኣይ ፀላኢ ድኽነት ንምቅባፅ መንግስትና ዝተፈላለዩ ስትራተጅታትን ፕሮግራማትን ልምዓት ሓንጺፁ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ፡፡

ንህና ኣብ ወፃዒ ንርከብ ተጋሩ ዕላማ ሰማእታትና ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ግቡእና ንምፍፃም ቃልና ንሕድሰሉ እለት እዩ ለካቲት 11፡፡ እቲ ዝጎደለ ኣካልን ዝተኸፍለ መስዋእትን ኣመትኡ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ስለዝነበረ እቲ ሐዚ ተጀሚሩ ዘሎ ኩለመዳይ ምንቅስቓስ ብስፍሓትን ዕምቆትን ተጠናኺሩ ንክሰጉሞ ፃዕሪ ኩላህና ምኳኑ ተረዲእና ንቀሳቀስ፡፡

እቶም ዛጊድ ህዝብና ዝረኸቦም ዓወታት ተዓቂቦምን ደሚቖምን ክቕፅሉ ኣብ ዝግበኣና ዓውደ ስራሕ በርቲዕና ብምስታፍ ኣብ ትግራይና ዝግበር ምንቅስቓስ ምብታኽ ድኽነት እጃምና ክነወፊ ይግበኣና፡፡

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!!

መበል ፴፭ተን ልደት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ሕዝቢ ትግራይ (ህወሓት) - CELEBRATIONS IN MILANO

ሰንበት, ፲፬ ለካቲት- ፪፻፪ ዓ.ም.

**Domenica 21 Febbraio, 2010**

ሰዓት፦ 1፡00 PM-6:00 PM

ቦታ፡ Via Moncucco, 29
Zona Famagosta፣ Milano